በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላክ!

## ባሕረ ሓሳብ ፥ ሓሳበ ዘመን 2012 ዓ.ም.

ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና እትጥቀመሉ መቑጸሪ ዘመን ባሕረ ሓሳብ ይበሃል። ባሕረ ሓሳብ ማለት ቊጽሪ ዘለዎ ዘመን፤ ናይ ዘመን ቊጽሪ፤ ሓሳብ ናይ ዘመን እዩ። ነዚ ዝቐመሮ ድማ መበል 12 ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ኮይኑ ኣብ ሣልሳይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ዲሜጥሮስ እዩ። ቅዱስ ዲሜጥሮስ መልኣኽ እግዚአብሔር ብዝገለጸሉ ካብ ለይቲ 23 ካብ መዓልቲ 7 ሱባዔ ኣትዩ ብመጥቅዕን ኣበቅቴን ዝቐመር ባሕረ ሓሳብ ኣዳለወ።

### 1) ዓመተ ዓለም

ዓመተ ዓለም፣- ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዓመት ምስ ድኅሪ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዘመን ተደሚሩ ዓመተ ዓለም ይበሃል።
ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዘመን፡- ዓመተ ፍዳ፣ ዘመነ ኵነኔ፣ ዘመነ ብሉይ ይበሃል። ጠቕላላ 5500 ዓመት እዩ።
ድኅሪ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዘመን ድማ፡- ዓመተ ምሕረት፣ ዘመነ ሥጋዌ ይበሃል።
-> 5500 + 2012 = 7512

**2) መጠነ ራብዒት፡-** ብጽሒት ሓደ ወንጌላዊ ድማ ዓመተ ዓለም ንኣርባዕተ መቒልካ ዝርከብ ኮይኑ ናይ 7512 ከኣ 1878 እዩ።

**3) ዓመተ ወንጌላዊ** ንምርካብ ፡- ዓመተ ዓለም ንኣርባዕተ መቒልካ በቲ ተረፍ ትጽውዖ።

ዓመተ ዓለም ÷ 4

______________

ተረፍ ፡ 1 እንተኾይኑ ማቴዎስ፤
2 እንተኾይኑ ማርቆስ
3 እንተኾይኑ ሉቃስ
0 እንተኾይኑ ዮሐንስ

3.1) ብዓመተ ዓለም፡ 7512 ÷ 4 = 1878
7512
0

3.2) ብዓመተ ምሕረት፡ 2012 ÷ 4 = 503
2012
0

**ስለዚ፣ ተረፍ 0 ስለዝኾነ ዘመነ ዮሓንስ እዩ።**

**4) ርእሰ ዓውደ ዓመት** - ባሕቲ መስከረም መዓስ መዓልቲ ከምዚውዕል ንምፍላጥ፤- ጥንተ ቀመርን ጥንተ ያንን ንጥቀም።

ዓመተ ዓለም + ብጽሒት ሓደ ወንጌላዊ ÷ 7

________________________________

ተረፍ

4.1) ጥንተ ቀመር ፤- ነቲ ተረፍ ካብ ሠሉስ ሓደ ኢልካ ይቑጸር።
ንኣብነት፡ 1 - ሠሉስ፤ 2 - ረቡዕ፤ 3 - ኃሙስ፤ 4 - ዓርቢ፤ 5 - ቀዳም፤ 6 - ሰንበት፤ 7 - ሰኑይ

7512 + 1878 ÷ 7
9390 ÷ 7 = 1341
9387
3 -> ኃሙስ

4.2) ጥንተ ያን ፤- ኣሐደ አእትት/ሓደ ኣጉድል ከምዝብል፣ ካብቲ ተረፍ ሓደ ኣጉዲልካ ካብ ረቡዕ ሓደ ኢልካ ይቑጸር።

1 - ረቡዕ፤ 2 - ኃሙስ፤ 3 - ዓርቢ፤ 4 - ቀዳም፤ 5 - ሰንበት፤ 6 - ሰኑይ፣ 7 - ሠሉስ

7512 + 1878 ÷ 7

9390 ÷ 7 (1341)

9387

3 -> ኣሐደ አእተት (ሓደ ኣጉድል) ፣ ስለዚ 3-1= 2 -> ሠሉስ

## 5) መደብ ወመንበር

መደብን ወንበርን ንአበቅቴን መጥቅዕን ኽንረክብ ዝኅሕግዙና እዮም።

5.1) መደብ፡- ተረፍ ናይ ዘመን ኮይኑ መደብ ናይ ዘመን ንምግላጽ ይጠቅም።

ዓመተ ዓለም ÷ 19 ፤

ተረፍ - መደብ ዘመን ይብሃል።

ዓመተ ዓለም ÷ 532

ተረፍ - መደብ ዘመን ይብሃል።

7512 ÷ 19

7505 (395)

7 -> መደብ

**ስለዚ መደብ -> 7 እዩ።**

5.2) ወንበር፡

መደብ ዝጐደሎ 1 = ናይ ዘመን ወንበር ይብሃል።

መደብ - 1 = ወንበር

7 – 1 = 6

**ስለዚ ወንበር -> 6 እዩ።**

## 6) አበቅቴ ወመጥቅዕ

ብመንገዲ መንበር ንኣበቅቴ ምስ መጥቅዕ ንረክብ።

ወንበር x 11÷ 30

ተረፍ -> ኣበቅቴ

ወንበር x 19 ÷ 30

ተረፍ -> መጥቅዕ

6.1 ኣበቅቴ፡- ካብ ቊጽሪ ዓመት ተረፍ ማለት እዩ። ምስ ሠርቀ መዓልትን ምስ ሕፀፀ ኣውራኅን ተደሚሩ ኣጽዋማትን በዓላትን ዚኃድሩሉ ለይቲ የመልክት።

ወንበር x 11÷ 30 =

6 x 11 ÷ 30

66 ÷ 30 (2)

60

6

**አበቅቴ -> 6**

6.2) መጥቅዕ፤- ነጋሪት ማለት እዩ። ሰብ ነጋሪት ሰሚዑ ከምዝእከብ፡ መጥቅዕ ኣብ ዝተሰይመ ዕለት ድማ ሕዝቢ ክርስቲያን ኣጽዋማትን በዓላትን ክሰምዑ ስለዝእከቡ እዩ።

ወንበር x 19 ÷ 30

---

ተረፍ -> መጥቅዕ

6 x 19 ÷ 30

114 ÷ 30

90 3

24

**ስለዚ መጥቅዕ -> 24 ስለዝኾነ በዓለ መጥቅዕ ቀዳም 24 መስከረም ይውዕል።**

## 7) ተውሳኽ ዕለት፡-

ካብቲ መጥቅዕ ዝወዓሎ መዓልቲ => ምሉእ 4ተ ወርሒ ወይ 120 ዕለታት ይቖጸር። ኣብ ርእሲኡ ቀዳም ክሳዕ ዘርከብ 2 - 8 ዕለታት ይውስኽ።

ቀዳም -> 8 ፤ ሰንበት ->7 ፤ ሰኑይ -> 6 ፤ ሠሉስ -> 5 ፤ ረቡዕ -> 4 ፤ ኃሙስ -> 3፤ ዓርቢ ->2 ፤

* መጥቅዕ + ተውሳኽ ዕለት = መባጃ ሓመር

24 + 8 (ቀዳም) = 32። 30 መዓልቲ ፈሲሱ 2 ይተርፍ። ስለዚ

**መባጃ ሐመር = 2**

**ስለዚ፡- ጾመ ነነዌ 2 የካቲት ይውዕል።**

## 8) ኣጽዋማትን በዓላትን

ነነዌ = 2 የካቲት
ዓቢይ ጾም = 2 + 14 = 16 የካቲት
ደብረ ዘይት = 2 + 11 = 13 መጋቢት
ሆሳዕና = 2 + 2 = 4 ሚያዝያ
ስቕለት = 2 + 7 = 9 ሚያዝያ
ትንሣኤ = 2 + 9 = 11 ሚያዝያ
ርክበ ካህናት = 2 + 3 = 5 ግንቦት
ዕርገት = 2 + 18 = 20 ግንቦት
በዓለ 50 = 2 + 28 = 30 ግንቦት
ጾመ ሰነ = 2 + 29 = 31። 30 መዓልቲ ይፈስስ እሞ 1 ሰኔ ይኸውን።
ጾመ ድኅነት = 2 + 1 = 3 ሰኔ

ለቡ፡- በዚ ኣብነት ናይ ዝመጽእ ዓመት 2013 ዓ.ም. ካብ ዓመተ ዓለም ክሳዕ ኣጽዋማትን በዓላትን ነውፅእ።

ፈጣሬ ኣዝማናት እግዚኣብሔር፡ ዓመተ ጽድቅን በረኸትን ይግበረልና!

ወስብሐት ለእግዚኣብሔር!